# ፖለቲካዊ ስርዓት ስዊዘርላንድ

ኣብ ስዊዘርላንድ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብሰለስተ ደረጃታት ይሰርሕ፡ ኮንፈደረሽን (ንዅላ ስዊዘርላንድ)፡ ካንቶናትን ኮሙናትን። ስዊዘርላንዳውያን ብሓፈሻ ኣብ ዓመት 4 ግዜ ድምጺ ብምሃብ ኣብ ፖለቲካዊ ውሳነታት ጽልዋ ይገብሩ።

## ኮንፈደረሽን ስዊዘርላንድ

እዚ ሕጂ ዘሎ መልክዕ ኮንፈደረሽን ስዊዘርላንድ ካብ 1848 ኣትሒዙ ዝጀመረ እዩ። ርእሰ ከተማ - በርን እያ።
ስዊዘርላንድ ዝተፈላለየ ባህልታት፡ ቋንቋታትን ሃይማኖታትን ዘለዋ ሃገር እያ።
ኣብ ዓለማዊ ፖለቲካ ገለልተኛ ሃገር እያ።

## ፌደራሊዝም

ስዊዘርላንድ ካብ ኮንፈደረሽን ግዝኣታት ናብ ናይ ሎሚ ፌደራል ግዝኣት ማዕቢላ። ብሓያሎ ግዝኣታት (ካንቶናት) ዝቖመት እያ። እተን ካንቶናት ብዙሕ ርእሰ-ምሕደራ ኣለወን።
ብዙሕ ነገራት ባዕለን ክውስና ይኽእላ። እዚ ፌደራሊዝም ይበሃል።
ናይ ገዛእ ርእሰን ውዳበ ዘለወን 26 ካንቶናትን ልዕሊ 2000 ምምሕዳራት ኣለዉ።
ኩለን ካንቶናት፡ እንተላይ ካንቶን ዩራ፡ ናይ ገዛእ ርእሰን ቅዋምን መንግስትን፡ ናይ ገዛእ ርእሰን ባይቶን ናይ ገዛእ ርእሰን ቤት ፍርድን ኣለወን።
ሕግታት ፌደራል ጥራይ እዩ ንመላእ ስዊዘርላንድ ዝምልከት። እተን ካንቶናት ናይ ገዛእ ርእሰን ሕጊ ኣለወን። ምምሕዳራት እውን ሕጊ (ደንቢ) ክውጽኣ ይኽእላ እየን።
እተን ካንቶናትን ምምሕዳራትን ዝተፈላለዩ ዕማማት ከም ትምህርቲ፡ ክንክን ጥዕና፡ ጸጥታን መጓዓዝያን ይሰርሓ።
ንኣብነት ስርዓት ትምህርቲ ከከም ካንቶንን ምምሕዳርን ይፈላለ እዩ።
ኮንፈደረሽን፣ ካንቶናትን ኮሙናትን ኣገልግሎታቶም ንምምዋል ግብሪ ይእክቡ።
ንኣብነት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ባህሊ።

## ምክፍፋል ስልጣን

ኣብ ስዊዘርላንድ ስልጣን ኣብ ሰለስተ ኣካላት ይምቀል፤

- ፈጻሚ ኣካል (ሕግታት ይፍጽም)
- ፈጻሚ ኣካል (ሕግታት ይፍጽም) ሕግታት ኣብ ክዉን ህይወት ክትግበሩ ይጽዕር።
- ፍርዳዊ ኣካል (ሕግታት የተግብር)።

## ስልጣናት ንመላእ ስዊዘርላንድ (ብደረጃ ፌደራል)፤

- ሓጋጊ ኣካል፡ ባይቶ ፌደራል። ብሃገራዊ ቤት ምኽሪን (Conseil national) (200 ኣባላት) ቤት ምኽሪ ካንቶናትን (Conseil des Etats) (46 ኣባላት) ዝቖመ እዩ። እቶም ኣባላት ኣብ ነፍሲ ወከፍ 4 ዓመት ብህዝቢ ይምረጹ።
- ፈፃሚ ኣካል፡- ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን (7 ኣባላት ኮይኖም ኣብ ነፍሲ ወከፍ 4 ዓመት ብባይቶ ፌደራል ይምረፁ)።
- ፍርዳዊ ኣካል፡ ሓያሎ ሃገራዊ ኣብያተ ፍርዲ። ቤት ፍርዲ ፌደራል ዝለዓለ በዓል ስልጣን እዩ (ዳያኑን ኣኽበርቲ ሕጊን ብባይቶ ፌደራል ይምረፁ)።

## ስልጣን ኣብ ካንቶን ዩራ (ደረጃ ካንቶን)፤

- ሓጋጊ ኣካል፡ ባይቶ (ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5 ዓመት ብህዝቢ ዝምረጹ 60 ኣባላት)
- ፈጻሚ ኣካል፡ መንግስቲ (ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5 ዓመት ብህዝቢ ዝምረጹ 5 ኣባላት)
- ፍርዳዊ ኣካል፡ ናይ ካንቶን ቤት ፍርዲ (ካልኣይ ደረጃ)፡ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ፡ ቤት ጽሕፈት ዓቃቢ ሕጊን ቤት ፍርዲ ትሕቲ ዕድመን (ዳያኑን ኣኽበርቲ ሕጊን ብባይቶ ይምረጹ)።

## ኣብ ምምሕዳራት ዘለዉ ስልጣናት (ብደረጃ ምምሕዳር)፤

- ሓጋጊ ኣካል: ኣኼባ ምምሕዳር (ወይ ባይቶ ምምሕዳር) .
- ፈጻሚ ኣካል፡ ባይቶ ምምሕዳር (ወይ ባይቶ ከተማ)።

## ዲሞክራስያዊ መሰላት (ተሳትፎ ኣብ ድምጽን ምርጫን)

ኩሎም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ዜጋታት ስዊዘርላንድ ከድምጹን ክምረጹን መሰል ኣለዎም።
ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ድምጾም ይህቡ፣ ወከልቲ ይመርጹን ብደረጃ ምምሕዳር፣ ካንቶንን ፌደራልን ክወዳደሩ ይኽእሉ።
ኣብ ካንቶን ዩራ ን10 ዓመት ኣብ ስዊዘርላንድ: ኣብ ካንቶን ድማ ን1 ዓመት ዝተቐመጡ ወጻእተኛታት ብደረጃ ካንቶንን ምምሕዳርን ድምጾም ክህቡ ይኽእሉ።
ብደረጃ ምምሕዳር ውን ክምረጹ ይኽእሉ እዮም (ብዘይካ ከም ከንቲባ)።

## ተበግሶታት

ዜጋታት ሓሳብ ናይ ሓደሽቲ ሕግታት (ህዝባዊ ተበግሶታት) ከቕርቡ ይኽእሉ
ነዚ ንምግባር ድማ ዝተወሰነ ቁጽሪ ፌርማ ክእክቡ ኣለዎም (ንስዊዘርላንድ፤ 100 ሽሕ ፌርማን ንካንቶን ዩራ ድማ፤ 2 ሽሕ)። ሽዑ ህዝቢ ነዞም ህዝባዊ ተበግሶታት ዝምልከት ድምጺ ክህብ ይኽእል።

## መሰረታዊ መሰላት (መሰል ህይወት፡ መሰል ውሕስነት፡ ናጽነታት)

ቅዋም መንግስቲ ፌደራል እቲ ካብ ኩሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ሕጊ ኣብ ስዊዘርላንድ እዩ።
መንግስቲ ፌደራል ከመይ ከም ዝሰርሕን ምስ ካንቶናት ዘለዎ ርክብን ይገልጽ።
መሰል ህዝቢ ዘውሕስን ዕላማታት ፖለቲካ ስዊዘርላንድ ዝገልጽን እዩ።
ሕገ መንግስቲ ፌደራል መሰረታዊ መሰላት ከም፤
ከም መሰል ህይወት፡ መሰል ናይ ሓገዝ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ወይ ካብ ኣድልዎ ምክልኻል ዝኣመሰሉ ኣድልዎ ማለት ሓደ ሰብ ብሰንኪ መበቆሉ፡ ዓሌቱ፡ ሃይማኖቱ፡ ስንክልናኡ፡ ጾታኡ ወይ ጾታዊ ዝንባለኡ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ይግበረሉ ማለት እዩ።
ኣብ ስዊዘርላንድ ናጽነት ሃይማኖት፡ ርእይቶ፡ ማሕበርን መራኸቢ ብዙሓንን ውሕስነት ኣለዎ።
ካንቶን ዩራ ብመንገዲ ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ወጻእተኛታትን ምቅላስ ዓሌትነትን (Bureau de l’intégration des étrangers et de la lutte contre le racisme) ግዳያት ወይ መሰኻኽር ኣድልዎ ንዝኾኑ ሰባት ማእከል ምኽሪ ተቕርብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.bonjour-jura.ch/ti/canton-du-jura/le-systeme-politique-en-suisse